# ቃል ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮም፡
# ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፥
# ኣቦ መንበር ግዝያዊ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን-1
# ኣብ 4ይ ፌስቲቫል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ



**ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን**
**ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ**
**26.06.2007**

ክቡራት ክቡራንን ዕዱማትና
ክቡራትን ክቡራንን ተሳተፍቲ ፌስቲቫል

ኣቐዲመ፡ ብስም ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ቃልስን ጽንዓትን ተወፋይነትን ሰላምታይ ከቕርበልኩም እፈቱ። ኣስዒበ ኣብ'ዚ ን4ይ ዓመቱ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝዳሎ ዘሎ ፌስቲቫል ምስታፈይ ዝተሰምዓኒ መዘና ዘይብሉ ሓጐስን ክብርን ክገልጸልኩም ኣፍቅዱለይ። ከምኡ ውን፡ ነዚ ከቢድ ዕማም'ዚ ክውን ንምግባር ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበርን ኣብ ኣመሪካ ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብሓፈሻ፡ ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበርን ነዚ በዓል ኣብ ምድላው እተሓባበርዋ ማሕበራትን (co-sponsors) ድማ ብፍላይ ብዝገበርዎ ጻዕርታት፡ ክብ ዝበለ ናእዳይን መጐሰይን እገልጽ። ቅድሚ ናብ'ቲ ከመሓላልፎ ዝመደብኩ መልእኽቲ ምእታው ድማ፡ ኣቦ መንበርና ነበር ስውእ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣብ ዕለት 12 ሰነ ዘፋነናዮ ብጻይ ሃይሉ ክብርኣብን ዝርከቦም ኵሎም ሰማእታት ኤርትራ ንምዝካር ንሓደ ደቒቕ ዝኸውን ናይ ሕልና ጸሎት ንምግባር ብድድ ንበል።

ክቡራትን ክቡራንን፡

ናብ'ዚ ን4ይ ግዜኡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝካየድ ዘሎ ኤርትራዊ ፌስቲቫል ንምስታፍ እናተጓዓዝኩ እንከለኹ፡ ብዛዕባ ከመሓላልፎ ዘሎኒ መልእኽቲ ምስ ነብሰይ እናተዘራረብኩ ኢየ መጺአ። ኣብ'ዛ ብሳላ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ንእሽቶይ ቍሸት ኰይና ዘላ ዓለም፡ መራሕን ተመራሕን ንሓደ ሓበሬታ ብሓደ ግዜ ኣብ ዝፈልጥሉን ዝሰምዕሉን እዋን፡ ተሳተፍቲ ፌስቲቫል ዘይፈልጥዎ ኣነ ዝሰማዕክዎ ሓድሽ ነገር ኣብ'ዛ ዓለም ከምዘየለ ስለዝርዳእ፡ ንዝፈልጥዎ ነገር ምድጋም ኣድካሚ ከይከውን ዝብል ስምዒት ኣሕደረለይ። ዘሐጕስ ነገር'ዶ እሞ ክነግሮም ኢለ ሓሰብኩ'ሞ፡ ኣብ'ዛ ፍትሕን ሰላምን ዲሞክራስን ዝተነፍጋ፥ ዜጋታት ንግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ዝተሳጥሑላ፥ ፍርሕን ናይ ሕድሕድ ምጥርጣርን ዝነገሰላ፥ መንእሰያት ካብ ባሮት ናይ መራሕቲ ምኳን ንምምላጥ፡ ንስደትን ሓደጋታት ኣጻምእ መሬትን ውቅያኖሳትን ዝቃልዑላ፥ ወለዲ ወይ ውሉዶም ካብ ስደት ከመልሱ ወይ ኣምሳያኡ

50,000 ናቕፉ ክኸፍሉ፡ ወይ ድማ ንማእሰርቲ ክዳረጉ ዝፍረዱላ፥ ባኒ፡ ነዳዲ፡ መብራህቲ ብራሽንን ብመስርዕን ዝዕደሉላ፥፡ ጀነራላት ልዕሊ ኣብያተ-ፍርድን ሚኒስተራት ኰይኖም፡ ናይ ሞት ፍርዲ ኣብ ዝህቡላ ሃገር እንታይ ዘሐጕስ ዜና ከይርከብ? ነዚ፡ ጭቆናን ግፍዕን በደልን ምረትን ክሳዕ ዓንቀሩ ዝበጽሖ ህዝቢ"ዚ፡ ብዛዕባ ሕማቕ መነባብሮኡ ክትገልጸሉ ምፍታን ንቀባራይ ከም ምርዳእ'ዩ ዝቕጸር ዝብል እምነት'ዩ ዘሎኒ። እንታይ ደኣ'ሞ ይሓይሽ? እዚ ንኵላትና ዝምልከት ሕቶ ስለዝኾነ፡ እስኪ ልቢ ንልቢ ተዋሃሂብና ንዘትየሉ። እንታይ'ዩ እቲ መዋጽኦ? እንታይ'ከ ይገበር?

ብቑዕ መዋጽኦ ንምርካብ እምበር፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ'ዚ ሓሳረ መከራ'ዚ ዘውደቐና ምኽንያታት ምልላይ ወይ ምፍላጥ የድሊ። ስለምንታይ ኢና ኣብ'ዚ ኵነታት'ዚ ንርከብ ዘሎና ዝብል ሕቶ ኣልዒልና መልሲ ክንረኽበሉ ክንክእል ኣሎና?

ስለዘይተቓለስና ዲና? ኣይኰነን። ህዝቢ ኤርትራ ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ግዜ ከይሰልከየ፡ ብመወጋእትን መስዋእትን ጸገማትን ሰጋእ ከይበለ ብጽንዓትን ብተወፋይነትን ተቓሊሱ ኢዩ። ግን፡ እቲ ዝተቓለሰሉ ናይ ፍትሕ ማዕርነትን ናጽነትን ዕላማታት ጌና ኣይተረጋገጸን። ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ናይ ዲክታቶርነት፡ ኣብ ናይ ውግእን ወረ ውግእን ሃለዋትን፡ ኣብ ጥሜትን ድኽነትን ስደትን ኢዩ ወዲቑ። እንታይ ደኣ'ሉ እሞ ኣብ'ዚ ሽግር'ዚ ኣውዲቑና? እንታይ ጌጋ ኢና ፈጺምና ዝብል ሕቶታት ከነልዕል ናይ ግድን ኢዩ።

ከም'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ጽብሎ ጐረባብትና ድዮም ዕንቅፋት ኰይኖምና? ኣይኰነን። ጐረባብትና ከኣ'ሞ፡ ብናጽነት ናይ ኤርትራ ኣሚኖም፡ ምስ ኤርትራ ብሰላም ክነብሩ ኵሉ ዝከኣሎም ገይሮም ኢዮም። ኤርትራ ብግንቦት 1991 ሓራ ድሕሪ ምውጽኣ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ግዝያዊ መንግስቲ ዝመስረተ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ህዝብን ጐረባብትን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ምሉእ ድጋፍ ረኺቡ ምንባሩ ኣሉ ከበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

ጐረባብትና ከኣ'ሞ፡ ብናጽነት ናይ ኤርትራ ኣሚኖም፡ ምስ ኤርትራ ብሰላም ክነብሩ ኵሉ ዝከኣሎም ገይሮም ኢዮም። ኤርትራ ብግንቦት 1991 ሓራ ድሕሪ ምውጽኣ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ግዝያዊ መንግስቲ ዝመስረተ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር፡ ናይ ህዝብን ጐረባብትን ኣህጕራዊ ማሕበረ-ሰብን ምሉእ ድጋፍ ረኺቡ ምንባሩ ኣሉ ከበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

ዶብ ስለዘይተሓንጸጸ ድዩ? ዶብ ምሕንጻጽ ምናልባት ካብ ካልኣይ ውግእ ምስ ኢትዮጵያ ከድሕነና ይኽእል ይኸውን፡ ኢልና ክንሓስብ ይከኣል ኢዩ። ካብ'ቲ ኤርትራ ኣትያቶ ዘላ ቅልውላው ከውጽኣና ግን ኣይክእልን ኢዩ። ከምኡ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ምስ'ተን ናይ ዶብ ሽግራት ዘይብልና ሃገራት፡ ንኣብነት ምስ ሱዳን፡ ዝምድና መንግስቲ ኤርትራ ክብን ለጠቕን እናበለ ክኸይድ ኣይምተገባኦን ነይሩ ማለት ኢዩ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ሽግርና ኣመሪካ'ያ ዝብል ክስታት ብስርዓት ኢሳያስ ክስንዘርን ኣብ ልዕሊ ኣመሪካ ጽዑቕ ናይ ጸለመ ወፈራ ክካየድን ንሰምዕ ኣሎና። እቲ ዝቐርብ ምስምስ ከኣ፡ ኣመሪካ ንኢትዮጵያ ጸቕጥታት እንተትገብረላ፡ እቲ ናይ ዶብ ጕዳይ ምተፈትሐ ነይሩ ዝብል'ዩ። ቅድሚ ውግእ 1998-2000 ምብራዑ፡ መንግስቲ ኣመሪካ፡ ምስ መንግስቲ ሩዋንዳ ኰይና ነቲ ወጥሪ ብሰላማዊ ኣገባብ ንምፍታሕ ተበግሶ ኣይወሰደትን ድያ? ሽዑ'ኸ፡ መንግስቲ ኢሳያስ፡ ነቲ ብኣመሪካ ዝቐረበ ናይ ሰላም እማማ ኣይቕበሎን ኢየ'ዶ ኣይበለን። ንጸቕጢ ናይ ኣመሪካ ኣይንብርከኽን'የ ኢሉ'ዶ ዕጭ ኣይሓንፈፈን? ኢትዮጵያ""ኸ፡ ንጸቕጥታት ናይ ኣመሪካ ዕጭ ክትብል ኣይትኽእልን'ያ ድዮም ክብሉና ዝፍትኑ ዘለዉ።

ስለ'ዚ፡ ጠንቂ ናይ ሽግርናን ቅልውላውናን ሓሳረ-መከራናን ኣብ ውሽጥና ደኣ'ምበር ኣብ ግዳም ኣይኰነን ዘሎ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንውሽጥና ሃሰስ ንበል። ንውሽጥና ንፈትሽ።

1. እቲ ዝዓበየ ጌጋና እምበኣር፡ ነቲ ንመሰልን ማዕርነትን ናይ ኲሉ ዜጋ ዝሕሉ፡ ኣብ ብዙሕነት ናይ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝተሰረተ ቅዋም ከነጽድቕን ቅዋማዊ ስርዓት ክንተክልን ዘይምኽኣልና ኢዩ። ኣብ ክንድኡ በቲ ናይ ዝሑል ውግእ ኣተሓሳስባ ተገዚእና፡ እቲ ሓያል ኲሉ ይውሰዶ፡ እቲ ድኹም ድማ ኲሉ ይትረፎ ንዝብል እምነትን ኣተሓሳስባን ኢና ተጣቢቕና። ስለ'ዚ ድማ ኢና ተሓኤ ብስሙር መጥቃዕቲ ህዝባዊ ግንባርን ህወሓትን ክትህረም እንከላ፡ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ዘየስማዕና። ብኣንጻሩ፡ እንቋዕ እዞም ኣድሓርሓርቲ ተደምሰሱልና ኢልና ሓጐስና ክንገልጽ ተሰሚዕና። ከምኡ ውን፡ ኲሎም ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ክሳተፍሉ ዘለዎም ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ክህሉ ኣለዎ ዝብል ድምጽን ተቓውሞን ኣየስማዕናን። ውጉኣት ሓርነት ሰላማዊ ሰልፊ መታን ከይገብሩ ብጥይት ክቕለዉ እንከለዉ፡ ኣድማ ዝገበሩ ተጋደልቲ ክእሰሩ እንከለዉ ዓገብ ኣይበልናን። ብኣንጻሩ ሓንቂቕም ኢልና ከነናሽዎም ኢና ተሰሚዕና። ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ውግእ ንኽይባራዕ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኢሳያስ ከምህዝቢ ዝገበርናዮ ጸቕጥታት ኣይነበረናን። ብኣንጻሩ፡ ደድሕሪ ጃህራታት ናይ'ቲ ስርዓት ኢና ክንጐዪ ፈቲና። ድሕሪ ውግእ ውን፡ ነቶም ብዛዕባ'ቲ ውግእ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዝነበሮምን፡ ቅዋምና ክሰርሕ ኣለዎ ዝብል ድምጺ ዘስምዑ ሚኒስተራትን ጋዜጠኛታትን ክኣስር እንከሎ ዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ከይገበርና ጥርቅም ኢልና ኢና ተሪፍና። ስለ'ዚ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ስልጣን ኰይኑ ዘሳቕየና ዘሎ ስርዓት፡ ባዕልና ዘገበልናዮ፡ ባዕልና ጽዖት ክወጽእ ዝገበርናዮ ስርዓት ምዃኑ ክንኣምንን ክንፈልጥን ኣሎና።
2. እቲ ካልኣይ ጠንቂ ናይ ሓሳረ-መከራና ድማ ፍርሒ ኢዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ንጉስ ፍርሒ ኢዩ እንተበልና ምግናን ኣይኰነን። እቲ ፍርሒ ብብዙሕ መልክዓት'ዩ ዝግለጽ። እቲ ሓደ ዓይነት ፍርሒ ኣብ መንጐ ኤርትራውያን ከም ውልቀ-ሰባት ዘሎ ምፍርራሕ ኢዩ። ሓደ ካብ'ቲ ካልእ ስለዝፈርሕ፡ ሓቢሮም እዚ ንግበር ኢሎም ክመኽሩ ኣይክእሉን ኢዮም። እዚ ከኣ፡ ህዝቢ መታን ከይውደብን፡ ተወዲቡ ንመሰላቱን ክብሩን ከይከላኸልን ስርዓት ኢሳያስ ኰነ ኢሉ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ህዝብና ዝዘርኦ ዘሎ ናይ ሕድሕድ ዘይምትእምማን ናይ ምፍልላይን መንፈስ ኢዩ። እቲ ካልኣይ ዓይነት ፍርሒ ድማ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ካብ'ቲ ስርዓት ዘለዎ ፍርሒ ኢዩ። እቲ ስርዓት ዝጠልቦ ነገራት እንተዘይፈጺመ፡ ዓደይ፡ ስድራይ ክርኢ፡ ገዛ ክሰርሕ፡ ንብረት ከእቱ …ወዘተ ኣይክእልን'የ ዝብል ፍርሒ። እቲ ፍልይ ዝበለን ዝዓበየን ፍርሒ ግን፡ ድሕሪ ኢሳያስ፡ ኤርትራ እንታይ ክትከውን'ያ ዝብል ኢዩ።

መንቀሊ ናይ'ዚ ሳልሳይ ዓይነት ፍርሒ'ዚ፡ ብሓደ ሸነኽ ኢሳያስ ንበይኑ ኰይኑ፡ ዝሕግዞ ስኢኑ ዝብል እቲ ስርዓትን መጋበርያታቱን ኰነ ኢሎም ዝነዝሕዎ  ፕሮፖጋንዳ ክኸውን እንከሎ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ድኹምን ፍንጡሕን ሃለዋት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ውን፡ ነዚ ፍርሒ'ዚ ኣብ ምስራጽ ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ኣሉ ክበሃል ዘይከኣል ሓቂ ኢዩ።

ፍርሕን ምጥርጣርን ኣብ ደምበ ተቓውሞ ውን ከይተረፈ ዓሚቝ ሰራውር ኣለዎ። ዝምድና ተቓወምቲ ውድባት ክድልድል ዘይከኣለሉ መሰረታዊ ምኽንያት ኣብ ሕድሕድ ዘሎ ምትእምማን ኣዝዩ ድኹም ስለዝኾነ ኢዩ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ተቓወምቲ ውድባት ዘሎ ዘይምትእምማንን ፍልልይን ኣብ ምግፋእ ግደ ከምዘለዎ ብጭቡጥ ምቕራብ'ኳ ዘይከኣል እንተኾነ፡ ኣእዳዉ ክህሉ ከምዝኽእል ንምግማት ግን ኣጸጋሚ ኣይመስለናን። እቲ እንደልዮ መዋጽኦ እምበኣር፡ ነዚ ኣቐዲሙ ተጠቒሱ ዘሎ ጸገማት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ኣለዎ።

ብርእይቶና እቲ መዋጽኦ ከም'ዚ ዝስዕብ'ይ ክኸውን ዘለዎ፤

ቀዳማይ፡- ዕላማና፡ ፍትሕን ማዕርነትን ብልጽግናን ምርግጋጽ ኢዩ። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ብዙሓት ሰልፍታት ዝዋስእሉ ዲሞክራስያውን ቅዋማውን ስርዓት ምትካል መተካእታ ዘይርከቦ እንኮ ምርጫ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ጽኑዕን ዘይቅየርን እምነትና ክህልወና ኣለዎ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ዲክታቶርያዊ ሰልፊ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ረብሓን መሰልን ክሕሎ ከምዘይክእል፤ ተመኲሮና ብዘየዋላውል መንገዲ ኣረጋጊጽዎ ምህላዉ ምእማንን ምቕባልን ንሽግርና መዋጽኦ ምርካብ ቀዳማይ ስጉምቲ ኢዩ ንብል። ብህላወ ናይ ብዙሓት ተወዳደርቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝረብሕ ህዝቢ ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ስለ'ዚ፡ ንዝሓለፈ ጌጋታትና መታን ከይንደግም፡ ኣብ እንኣምነሉ ፖለቲካዊ ፓርቲ ተወዲብና ንዕላማታቱ ንምዕውት ምቅላስ ጥራሕ'ዩ ክኸውን ዘለዎ ምርጫና። ኲሉኹም ደቅና፡ የማናይ ጸጋማይ ዓይንና፥ ወይ ድማ፡ ኲልኹም ግጉያት ዝብል ንዝበደለን ዝተበደለን ኣልሚሙ ዝሽንን ፍርዲ ምሃብ፡ ካብ ኣቲናዮ ዘሎና ቅልውላው ከውጽኣና ዝኽእል ኣገባብ ኣይኰነን። ንጌጋ ጌጋ፡ ንቅኑዕ ድማ ቅኑዕ ናይ ምባል ባህሊ ከነማዕብል ክንክእል ኣሎና።

ካልኣይ፡- ካልኦት ለውጢ ከምጽኡልና ተጸበዩቲ ክንከውን ኣይግባእን። ነፍስወከፍ ዜጋ፡ ብዘይ ናተይ ተሳትፎ ለውጢ ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ ካብ ዝብል መንቀሊ'ዩ ክብገስ ኣለዎ። ዝምድናና ናይ ከሳስን ተኸሳስን፡ ነቓፍን ተነቃፍን፡ ለውጢ ኣምጻእን ለውጢ ተቐባልን ክኸውን የብሉን። ከም'ቲ ሃገራዊ ናጽነት ንምርግጋጽ ናይ ኲሉ ኤርትራዊ ተሳትፎን መስዋእትን ዝሓተተ፡ ዶሞክራሲ ንምስፋን ውን፡ ናይ ኲሉና ቃልስን ጻዕርን ክሓትት ምዃኒ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ተሳትፎና፡ ከከም ዓቕምናን ብቕዓትናን ቦታናን ክፈላለ ከምዝኽእል ፍሉጥ ኰይኑ፡ እቲ ዝድለ ግን፡ እታ ክንገብራ እንኽእል ዓቕምና ዝኾነት ነገር ምግባር ኢዩ። ኣጆኻ፡ ኣጆኺ ምባል ውን ናታ ሞራላዊ ኣበርክቶ ከምዘለዋ ክንዝንግዕ የብልናን።

ሳልሳይ፡- ኲሉ ነገር ብሓደ ግዜ ክትገብሮ ወይ ብሓደ ግዜ ከተዐውቶ ስለዘይከኣል ቀዳምነታት ምስራዕ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ኢዩ። እዋናዊ ዕማምና ነቲ ጠንቂ ናይ'ዚ ኲሉ ሽግራትና ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምውዳቕ ኢዩ። ብግብሪ ግን፡ ተቓወምቲ ውድባት ክነስና፡ ነቲ ናይ ሓባር ጸላኢ ረሲዕና፡ ኣንጻር ሕድሕድና እነካይዶ ቃልስታት ዝሓየለ ኰይኑ እንረኽበሉ እዋን ኣሎ። ኤረ፡ ሓድሓደ ግዜስ፡ ኣብ ሕድሕድና ዝካየድ ምቅንጻላት ዝዕብልለሉ ኲነታት ኢና ንርኢ። ገለገለ ከኣ'ሞ፡ ንተቓወምቲ ውድባት እንተዘይተቓዊሞም ዝተቓለሱ ኰይኑ ዘይስምዖም ውን ኣለዉ።

ከምኡ ውን፡ ንናይ ስልጣን ቦታ ቀዳምነት ሂብና ንውድባትናን ምሕዝነትናን ናብ ምፍንጫል እንበጽሓሉ ተመኲሮታት ውን ብተደጋጋሚ ኣገባብ ክርአ ጸኒሑ ኢዩ። ኣብ ፖለቲካዊ ስራሕ ምፍልላይን ምውድዳርን ክህሉ ባህርያውን ናይ መሰልን ጉዳይ ኢዩ። እቲ ፍልልይን ውድድርን ግን፡ ኣብ ክሊ ሓደ እተሰማምዓሉ ቅዋም ክመሓደር ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ኪዳን ንኣብነት ፍልልይን ውድድርን ምፍጣሩ ሕማቕ ኣይኰነን፡ ዝጽላእ ኣይኰነን፤ እቲ ዝጽላእ በቲ ኣብ ቅዋም ዘስፈርካዮ ሕግታት ክትምእዘዝ ወይ ብመሰረት እቲ ቅዋም ፍልልያትካን ውድድርካን ከተምሓድር ዘይምድላይ ኢዩ። ስለ'ዚ፡ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ እነካይዶ ቃልሲ፡ ኣብ ሓደ ክሊ ንሃሉ ኣይንሃሉ ብዘየገድስ፡ ኣንጻር ሕድሕድ እነካይዶ ቃልስታት ወይ መጥቃዕታት ደው ከነብሎ ክንክእል ኣሎና። እዚ ምስ እንገብር ጥራሕ ኢና ኣንጻር'ቲ ስርዓት ዝካየድ ቃልሲ ቀዳምነት ሂብናዮ ኣሎና ክንብል እንኽእል።

ራብዓይ፡- እቲ ናይ ምዕዋት ስትራተጂና ግን፡ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክስራዕ ኣለዎ ኢልና ንኣምን።

1. ንዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ፖለቲካዊ ተቓዋሚ ሓይልታት ክጥርንፍ ዝኽእል ክሊ ወይ ጽላል ምምስራት፤
2. ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎም ውድባት፡ ክጸናበሩ ምድፍፋእ፤

3. ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ረብሓታትን መሰላትን ዝጣበቓ ዘይመንግስታዊ ሲቪላዊ ማሕበራት ክቖማን ክሕይላን ምትብባዕ፤
4. ናይ መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ተሳትፎ ኣብ ቃልሲ ንምኹልባት ዝተዓጻጸፈ ጻዕርታት ምክያድ፤
5. ብስርዓት ኢሳያስ ዝፍጸም ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት ምቅላዕን ምቅዋምን፤
6. ናይ ህዝብን ሰራዊትን ተቓውሞታት ክኾሃሃር ብዝከለካ ዓቕሚ ምስራሕን፤ ምስ ናይ ደገ ተቓውሞ ምዝማዱን፤
7. ናይ ኤርትራውያን ናይ ግሊ መርበብ ዜናታት እተዋሃሃደ ዜናዊ ዕዮ ክካይዳ ምትብባዕን ምሕጋዝን።
8. ኣብ ሕድሕድ ረብሓን ሰናይ ጉርብትናን ዝተሰረተ ዝምድናታት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ምምስራት።
9. ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ኣብ ጉዳይ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን፥ ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ሓላፍነቱ ክስከም ምዝኽኻር።

ካብ'ዚ ናይ ዓወት ስትራተጂ'ዚ ብምብጋስ ኢና እምበኣር፡ ንምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብመጋቢት 1999 ኣበርቲዕና እተቓለስና። ምሕዝነት፡ በቲ ኣብ ቻርተሩ ሰፊሮም ዝነበሩ ንብሄራትን ሽሪዓን ዝምልከት ክልተ ዓንቀጻትን፡ ኣብ ጉዳይ ኣመራርሓኡ ብዝተፈጥረ ፍልልያትን ክቕጽል ኣይከኣለን። ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ ልዝባትን ርኽክባትን ድማ፡ ብመጋቢት 2005 ነቶም ኣብ ምሕዝነትን ወጻኢ ካብ ምሕዝነትን ዝነበሩ ውድባት ዝጥርንፍ ሓድሽ ክሊ ማለት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተመስረተ። ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ውን፡ እቶም ኣብ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ዘስሓሕቡ ዝነበሩ ጉዳያት ሽሪዓን ብሄራትን፡ ኣገባብ ናይ ቃልስን፡ መጠናዊ ውክልናን ምምስራት ሓደ ሃገራዊ ሰራዊትን ዝብሉ ጉዳያት ናይ ፍልልይን ምስሕሓብን ነጥብታት ኰይኖም ኢዮም ቀጺሎም።

ነዞም ጉዳያት እዚኣቶም ንምፍታሕ'ዩ ማእከላይ መሪሕነት ኣብ ሚያዝያ 2006 ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ጉባኤ ክግበር ዝወሰነ።

ኣብ'ቲ ኣብ ለካቲት 2007 እተኻየደ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡

1. እቲ ንብሄራትን ሽሪዓን ዝምልከት ዓንቀጻት ንኹሉ ሸነኻት ብዘዕግብ ኣገባብ ተመሓይሹ። እስላማዊ ሰልፊ ንልምዓትን ፍትሕን ጥራሕ ተዓቅቦ ኣመዝጊቡ፤
2. መጠነዊ ውክልና ብዝምልከት፡ ኵሉ ውድባት ዕብየቱን ስፍሓቱን ብዘየገድስ፡ ኣብ ማእከላይ መሪሕነት ብኽልተ ክውክል ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ፤
3. ንኣገባብ ቃልሲ ብዝምልከት፡ ኵሉ ኣገባብ ቃልሲ ምኽታል ዝብል ርእይቶ ጸዲቑ። ሰልፊ ዲሞክራሲ ተዓቅቦኡ ኣመዝጊቡ፤
4. ሓደ ሃገራዊ ሰራዊት ምምስራት ዝብል ጉዳይ ብዘይ ብሩህ ምኽንያት ውሳኔ ከይተዋህበሉ ሓሊፉ።

ብድሕር'ዚ ኣብ ምምራጽ ኣቦ መንበር ማእከላይ መሪሕነትን ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ምስ መጸ ፍልልያት ተመዝጊቡ። ናይ ክልቲኡ ሸነኽ ሕጹያት ¾ ድምጺ ምርካብ ስኢኖም ምስ ወደቑ፡ ብወገን ኪዳን-1 ነቲ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ንምፍታሕ ንሓሰን ዓሊ ኣሰድ፡ ኣባል ተሓኤ ከም ኣቦ መንበር ክቕበል ድልውነቱ ገለጸ። እዚ ውን ብካልኣይ ወገን ኤዲኪ ተቐባልነት ኣይረኸበን። ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ክልቲኡ ወገናት ብማዕረ እተወከሉ ኣባላት ዘለውዋ ግዝያዊት መሪሕነት ክትቐውም ዝብል ሓሳብ ኣቕረብና። ካልኣይ ወገን ኤዲኪ ግን፡ ፡ ኣብ ቅዋምና ዘየለ ዓንቀጽ ብምምጻእ 51% ድምጺ ስለዘሎና ብድምጺ ክንዛዝሞ ኢና ኣብ ዝብል ርእይቶ ደረቐ። በዚ እቲ ምፍንጫል ተጋህደ።

ኣብ ቅድሚና ዝነበረ መፍትሒታት ወይ ኣማራጺታት እንታይ ኢዩ፡-

ቀዳማይ፡- ሓደ ካብ ክልቲኡ ሸነኻት ንሒዝዎ ዘሎ መርገጽ ክስሕብ ኢዩ። እዚ ኣይኮነን፤ ካብ መርገጹ ዝስሕብ ሸነኽ ኣይተረኽበን።
ካልኣይ፡- እቲ ካልኣይ ፍታሕ እምበኣር፡ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ክውንነት ወይ ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ክልተ ብሎክ ተቐቢልካ፡ ኣብ መንጎኡ ክግባር ዝከኣል ምውህሃድ ምፍታሽ ኢዩ።

ንሕና ነዚ ካልኣይ ምርጫ ኢና እንድግፍ። ነዚ ንምርግጋጽ ድማ፡ ምስ'ቲ ካልኣይ ወገን ኪዳን ንምዝታይ ቅሩባት ምዃና ብወግዒ ኣረጋጊጽና ኢና።

ብደረጃ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡-

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ቀንዲ ዕማም ምምስራት ናይ ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፍን፤ ምቛም ናጻ ማሕበራት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኢዩ።

ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንውድቡ ናብ ሰልፊ ንኽሰጋግር ዝኽልክሎ ዝኾነ ይኹን ነገር የለን። ከምኡ ንምግባር ዘይመረጸሉ ምኽንያታት ድማ እዚ ዝስዕብ ኢዩ።

1. እቲ ዝቐውም ሰልፊ፡ ናይ ተሓኤ ተመኩሮ ዘለዎም ዜጋታት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ናይ ካልኦት ውድባት ተመኩሮን ታሪኽን ዘለዎም። እንተላይ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተመኩሮ ዘለዎም ውን ክጽንበርዎ ስለዝደለየ፤
2. እቲ ዝቐውም ሰልፊ፡ ካብ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ እሱር ምዃን ሓራ ወጺኡ፡ ንፍትሕን ማዕርነትን ዲሞክራስን ብልጽግናን ዝሰፈና ኤርትራ ንምህናጽ ብዘማዕድዉ ኤርትራውያን ውድባትን ውልቀ-ሰባትን ክቐውም ኣለዎ ኢሉ ስለዝኣምን፤
3. ታሪኽ ናይ ተሓኤን ህዝባዊ ግንባርን ዘይፈልጡ መጻኢት ኤርትራ ግን ናቶም ዝኾነት መንእሰያት ክጽንበርዎ ኣገዳሲ'ዩ ኢልና ስለእንኣምን ኢዩ።

ውድብና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ናይ ድህሰሳን መጽናዕትን ሸማግለታት ኣቑሙ ክንቀሳቐስ ይርከብ ኣሎ። ውጽኢት ናይ'ዚ ድህሰሳዊ ስርሓት ድማ ኣወንታዊ ኢዩ። ኣብ'ዚ ዝምስረት ሓድሽ ሰልፊ ተጸንቢሮም ግዲኦም ክበርክቱ ቅሩብነቶም ዝገለጹ ምሁራትን መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኣለዉ። ብደረጃ ውድባትን ጕጅለታትን ውን እንተኾነ፡ እቲ ተበግሶ ጽቡቕ'ዩ ዝብል እንተዘይኮይኑ ዝጻረሮ ኣይተረኽበን።

ድሕር'ዚ ናይ ድህሰሳ ስርሓት፡ ምቛም ኮሚሽን ምምስራት ሰልፊ ክኸውን ኢዩ። እዚ ኮሚሽን'ዚ ብኹሎም እቶም ንምምስራት ናይ'ቲ ሰልፊ ዝተቐበሉ ውድባትን ዜጋታት ዝቐውም ኮይኑ፡ ነቲ መስራቲ ጉባኤ ዘድሊ ሰነዳት ከዳሉን፡ ውክልናን ተሳታፍነትን ኣብ መስራቲ ጉባኤ ክውስንን ኣሰናዳኢት ሸማግለ ክቕውምን ኢዩ።

ኣብ መዳይ ምምስራት ናጻ ማሕበራት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ውድብና ናይ ምትብባዕን ምልዕዓልን ግደ'ዩ ዝጻወት ዘሎ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ነቲ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ዝበጋገስ ዘሎ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ምንቅስቓሳትን፤ ነቲ ኣብ ሱዳንን ጀርመንን ብመንእሰያት ዝውሰድ ዘሎ ናይ ውደባ ተበግሶታትን ደገፉ ይገልጽ። መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ድማ፡ ንታሪኻውን ህዝባውን ሓላፍነቶም ክስከሙ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንጽውዕ።

ኣብ መደምደምታ፡ ውድብና፡ ኣብ'ዚ ታሪኻዊ ህሞት'ዚ፡ ብክብ ዝበለ ናይ ኣርኣእያ ሓድነትን ውድባዊ ስጥመትን ዲሲፕሊንን ዝለል ውድብ ኮይኑ ምህላው፡ መሰረታትና ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ህዝብና ውን ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። እዚ ሎሚ ኣብ ውድብና ተረጋጊጹ ዘሎ ስጥመት፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን መዋእል ናይ ተጋድሎና ተረጋጊጹ ኣይፈልጥን እንተበልና ውን ምግናን ኣይኮነን። እዚ ድማ፡ ወጽኢት ናይ'ቲ ዘይሕለል መትካላዊ ቃልስታትናን ግሉጽነት ዝመልኦ ኣሰራርሓናን ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ኣብ ቅድሜና ተደቂኑ ዘሎ ብድሆታት ከቢድን ዝተሓላለኸን ኢዩ። መጻኢ ጒዕዞና ብዙሕ ክብን ለጠቕን ዘለዎ ሓባጥን ጐባጥን ጐደና ምዃኑ ንኣምን። ንተሊምናዮ ዘሎና ናይ ዓወት ስትራተጂና ኣብ ግብሪ ንምውዓል ከይተሓለልና እንተደኣ ተቓሊስና ግን፡ ክንዕወት ምዃና ኣይንጠራጠርን ኢና።

የቓንየለይ
ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልስታት ህዝብና!!
ክብርን ዘልኣለማዊ ዝኽርን ንሰማእታትና!!